## ዘፍጥረት 28
10 ያእቆብ ከኣ ካብ ብሔር-ሸባዕ ወጺኡ፡ ናብ ካራን ኣቢሉ ኸደ።
11 ጸሓይ ዐሪባ ነበረት እሞ፡ ኣብ ሓንቲ ቦታ ምስ በጽሐ፡ ኣብኣ ሐደረ። ካብ ኣእማን እታ ቦታ ወሲዱ
ድማ፡ ተተርኢስዋ፡ ኣብታ ቦታ ደቀሰ።
12 ሐለመ ኸኣ እሞ እንሆ፡ መሳልል ኣብ ምድሪ ደው ኢሉ፡ ርእሱ ድማ ሰማይ ጠንቍሩ፡ እንሆ ኸኣ፡
መላእኽቲ ኣምላኽ ይድይቡሉን ይወርዱሉን ነበሩ።
13 እንሆ ድማ፡ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊኡ ደው ኢሉ በሎ፥ ኣነ እግዚኣብሄር፡ ኣምላኽ ኣቦኻ ኣብርሃምን
ኣምላኽ ይስሃቅን እየ። እዛ ንስኻ ኣብ ልዕሊኣ ደቂስካላ ዘሎኻ ምድሪ ንኣኻን ንዘርእኻን ክህባ እየ።
14 ዘርእኻ ድማ ከም ሓመድ ምድሪ ኪኸውን እዩ፡ ንምዕራብን ንምብራቕን ንሰሜንን ንደቡብን
ክትሰፍሕ ኢኻ። ኵሎም ዓሌታት ምድሪ ኸኣ ብኣኻን ዘርእኻን ኪባረኹ እዮም።
15 እንሆ ኸኣ፡ ኣነ ምሳኻ እየ፡ እቲ ዝበልኩኻ ኽሳዕ ዝገብሮ ኣይሐድገካን እየ እሞ፡ ኣብ እትኸዶ ዅሉ
ኽሕልወካ እየ፡ ናብዛ ምድሪ እዚኣ ድማ ክመልሰካ እየ።
16 ያእቆብ ከኣ ካብ ድቃሱ ተባራበረ እሞ፡ ኣነ ደኣ ኣይፈለጥኩን ነይረ እምበር፡ ብሓቂ እግዚኣብሄር
ኣብዛ ቦታ እዚኣ ኣሎ፡ በለ።
17 ፈሪሁ ድማ፡ እዛ ቦታ እዚኣ ኽንደይ ተፍርህ እያ። እዚኣ ቤት ኣምላኽ እያ እምበር፡ ካልእ ኣይኰነትን፡
እዚኣ ኸኣ ደገ ሰማይ እያ፡ በለ።
18 ያእቆብ ድማ ንጽብሒቱ ኣንጊሁ ተንስኤ፡ ነቲ ኣብኣ ተተርኢስዎ ዝነበረ እምኒ ወሲዱ ሓወልቲ
ኪኸውን ኣቘሞ፡ ኣብ ርእሱ ኸኣ ዘይቲ ኽዐወሉ።

## 1ይ ቆሮንቶስ 12
12 ከምቲ ስጋ ሓደ ኽነሱስ፡ ብዙሕ ኣካላት ዘለዎ፡ ብዘሎ እቲ ኣካላት ስጋ ኸኣ፡ ብዙሕ ክነሱስ፡ ሓደ ስጋ
ዝኾነ፡ ክርስቶስ ከኣ ከምኡ እዩ።
13 ኣይሁድ ወይስ ጽርኣውያን፡ ባሮት ወይስ ጭዋታት እንተ ኾንና፡ ንሕና ኵላትና ሓደ ስጋ ምእንቲ
ኽንከውንሲ፡ ብሓደ መንፈስ ተጠሚቕና ኢና እሞ፡ ሓደ መንፈስ ሰቴና።
14 እቲ ስጋ ኸኣ ብዙሕ እምበር፡ ሓደ ኣካል ኣይኰነን እሞ፡
15 እግሪ፡ ኢድ ካብ ዘይኰንኩስ፡ ናይ ስጋ ኣይኰንኩን፡ እንተ በለ፡ በዚዶ ናይ ስጋ ምዃኑ ይተርፎ እዩ፧
16 እዝኒ ድማ፡ ዓይኒ ኻብ ዘይኰንኩስ፡ ናይ ስጋ ኣይኰንኩን፡ እንተ በለት፡ በዚዶ ናይ ስጋ ምዃና
ይተርፍ እዩ፧
17 ብዘሎ እቲ ስጋ ኹሉ ዓይኒ እንተ ዚኸውን ደኣ፡ ምስማዕ ኣበይ ምተረኽበ፧ እቲ ስጋ ኹለንትናኡ
ምስማዕ እንተ ዚኸውንከ፡ ምሽታት ኣበይ ምተረኸበ፧
18 ሕጂ ግና ኣምላኽ፡ ንሱ ኸም ዝደለዮ ገይሩ፡ ነቲ ኣካላት ንነፍሲ ወከፉ ኣብቲ ስጋ ሰርዖ።
19 ኩሉ ኣካላት ሓደ ኣካል ጥራይ እንተ ዚኸውንከ፡ እቲ ስጋ ኣበይ ምሃለወ ፧
20 ሕጂ ግና ኣካላት ብዙሕ፡ እቲ ስጋ ግና ሓደ እዩ።

## ወ. ዮሓንስ 1
35 ንጽብሒቱ ድማ ዮሃንስ ምስ ክልተ ደቀ መዛሙርቱ ኸም ብሓድሽ ደው ኢሉ ነበረ።
36 ንየሱስ ኪሓልፍ ከሎ ረኣዮ እሞ፥ እንሆ፡ ገንሸል ኣምላኽ፡ በለ።
37 እቶም ክልተ ደቀ መዛሙርቱ ኸኣ፡ እዚ ኺብል ከሎ ሰሚዖም፡ ንየሱስ ሰዓብዎ።

38 የሱስ ከኣ ግልጽ ኢሉ ኺስዕብዎ ኸለዉ ርእዩ፥ እንታይ ትደልዩ ኣሎኹም፧ በሎም። ንሳቶም ድማ፥
ረቢ፡- ትርጉሙ መምህር፡- ኣበይ ሰፈርካ ኣሎኻ፧ በልዎ።
39 ንሱ፥ ንዑ ርኣዩ፡ በሎም። መጺኦም ኣበይ ከም ዝሰፈረ ረኣዩ፡ ሽዑ መዓልቲውን ምስኡ ወዓሉ።
ኣስታት ዓሰረይቲ ሰዓት ኣቢላ ኸኣ ነበረት።
40 ካብቶም ንዮሃንስ ሰሚዖም ንየሱስ ዝሰዓብዎ ኽልተስ እቲ ሓደ እንድርያስ ሓው ስምኦን ጴጥሮስ
እዩ።
41 ንሱ ቕድም ንሓዉ ስምኦን ረኸቦ እሞ፥ ንመሲሕ፡- ክርስቶስ ዝትርጉሙ፡- ረኺብናዮ፡ በሎ።
42 ናብ የሱስውን ኣምጽኦ፡ የሱስ ከኣ ጠሚትዎ፥ ንስኻ ስምኦን ወዲ ዮና ኢኻ። ንስኻ ኬፋ- ጴጥሮስ
ዝትርጉሙ፡- ክትብሃል ኢኻ፡ በሎ።
43 ንጽብሒቱ የሱስ ናብ ገሊላ ኪኸይድ ደለየ፡ ንፊልጶስ ከኣ ረኸቦ እሞ፡ ስዓበኒ፡ በሎ።
44 ፊልጶስ ከኣ ብዓል ቤተ-ስይዳ ዓዲ እንድርያስን ጴጥሮስን እዩ።
45 ፊልጶስ ንናትናኤል ረኸቦ እሞ፥ እቲ፡ ሙሴ ኣብ ሕጊ ነብያትውን ብዛዕባኡ ዝጸሐፉ፡ የሱስ፡ ወዲ
ዮሴፍ ብዓል ናዝሬት፡ ረኺብናዮ፡ በሎ።
46 ናትናኤል ድማ፥ ካብ ናዝሬት ገለ ሰናይ ኪመጽእ'ዶ ይከኣል እዩ፧ በሎ። ፊልጶስውን፥ ንዓ ርኤ፡ በሎ።
47 የሱስ ንናትናኤል ናብኡ ኺመጽእ ከሎ ምስ ረኣዮ፡ ብዛዕባኡ፥ እንሆ፡ ጕርሒ ዜብሉ ቕኑዕ
እስራኤላዊ፡ በለ።
48 ናትናኤል፥ ኣበይ ትፈልጠኒ፧ በሎ። የሱስ ከኣ፥ ፊልጶስ ከይጸውዓካ፡ ኣብ ትሕቲ በለስ ከሎኻ ርእየካ፡
ኢሉ መለሰሉ።
49 ናትናኤል ድማ፥ ረቢ፡ ንስኻ ወዲ ኣምላኽ ኢኻ፡ ንስኻ ንጉስ እስራኤል ኢኻ፡ ኢሉ መለሰሉ።
50 የሱስ ድማ፥ ኣብ ትሕቲ በለስ ርእየካ ስለ ዝበልኩኻዶ ኣሚንካ፧ ካብዚ ዚዓቢ ነገር ክትርኢ ኢኻ፡
ኢሉ መለሰሉ።
51 ካብ ሕጂ ሰማይ ተኸፊቱ፡ መላእኽቲ ኣምላኽውን ናብ ልዕሊ ወዲ ሰብ ኪድይቡን ኪወርዱን ከም
እትርእዩ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡ በሎ።